# ትውፊት

ዲያቆን  ዑቕበ ዘመደ

ዓመታዊ ጉባኤ ቤተ ክርስቲያን ተዋህዶ
20 ሓምለ 2017 @ 2:00 P.M.
ከተማ ሻርለት, ኖርዝ ካሮላይና
ሕ.መ. ኣሜርካ

# ትውፊት = Tradition

- **ትውፊት** (ብቋንቋ ግእዝ) ተወፈየ, ወፈየ, ወፈያ) "ህያብ ሃበ" "ልማድ" "ባህሊ" "ወግዒ" ካብ ኣቦታት ንወለዶታት ብቓል ብያታ ኣቢሉ እተወርሰ፥ ዋርሳ (ውርሻ) ማለት እዩ።
- ካብ ሓደ ወለዶ ናብ ካልእ ወለዶ ምትሕልላፍ:

# ሃዋርያዊ ትውፊት = [Holy] Tradition

# ሃዋርያዊ ትውፊት = [Holy] Tradition

- **ትውፊት** ብቋንቋ ግእዝ
- ብቋንቋ ግሪኽ "ፓራዶሲስ par'ad'os'is παράδοσις።
- ብቋንቋ ላቲን "ትራድሾም traditum
- ብቋንቋ እንግሊዝ ትራድሽን **T**radition (unwritten Apostolic **T**radition)

# ሃዋርያዊ ትውፊት = [Holy] Tradition

- **ትውፊት** ብቓል እናተመሓላለፈ ዘመጸ (ብሕድሪ ዝተዋህበ) እምነት ወይ ትምህርቲ-ሃይማኖት ማለት እዩ
- (ምቕባል ምቅብባል)
- "ንስኻ ጴጥሮስ ኢኻ ንቤተ ክርስቲያነይ" ማቴ 16:18. ዝብል ሕድሪ ብቓል ተዋህበ።
- "**ተወፈየ** መርሖ ሰማይ የማነ ጴጥሮስ ከሐዲ፡- ወመምህረ ወንጌል ..." (መልክአ, 5 ሓምለ)

# ሃዋርያዊ ትውፊት = [Holy] Tradition

- **ትውፊት**፥ ኣብ መንፈሳዊ እምነት፥ ካብ እግዚኣብሔር ናብ ደቂ ሰባት ብነብያት፥ ብሓዋርያት፡ ብጳጳሳት፥ ብሊቃውንት፥ ካብ ቀዳሞት ናብ ዳሕረዎት ወለዶታት ዝመሓላለፍ ዓይነት ትምህርቲ ወይ **ትውፊት** እዩ።
- ቤተ ክርስቲያን ካብ ክርስቶስን ሓዋርያትን ኣቦታትን ዝተቐበለቶ ትምህርቲ እዩ።

# ሃዋርያዊ ትውፊት = [Holy] Tradition

- ብቓል እናተመሓላለፈ ዘመጸ ወይ ከኣ ሕድሪ ዝተዋህበ ውህሉል (ውህለላ); ዝተደለበ ዕቑር ሃብቲ ቤተክርስቲያን.
- Biblically, It means "delivering a deposit and receiving it." A generation delivers the faith and another receives it. Fr. Tadros Malaty, 'Tradition and Orthodoxy'

# ሃዋርያዊ ትውፊት = [Holy] Tradition

- ውህለላ (ውህሉል) ዕቑር ሃብቲ; ዝተደለበ ሃብቲ ቤተክርስቲያን
- ትውፊት ክንብል ከሎና፥ እቲ ብቓል ኣብ ቤተ ክርስቲያን እናተወራረሰ ክመሓላለፍ ዝነብር ዝነበረን ዘሎን እዩ።

ንኣብነት

- ትምህርቲ ቅድስቲ ሥላሴ። ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሰፊሩ ንረኽቦ፥ ሥላሴ ዝብል ስም ግን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ጥራይ ንረኽቦ።
- ወላዲተ ኣምላኽ Theotokos (Council of Nicea, 325)፥
- ትርጉም (ትርጓሜ) ቅዱሳት መጻሕፍት

# ዕላማ ሃዋርያዊ ትውፊት

- ነቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንድሕነትና ዝኸውን ዝመሃሮ ትምህርቲ፥ መንፈስ ቅዱስ ድማ ብርትዓውነት ኣብ ልብና ዘሕደሮ፥ ኣቦታት’ውን ዝመስከርዎ (ንትምህርቲ ቅድስት ሥላሴ) ዝሕሉ: ካብ ሓደ ወለዶ ናብ ዝመጽእ ወለዶ ዝወራረስ ትምህርቲ ምዕቃብን ምትሕልላፍን እዩ።

# ትውፊት ንጽሑፍ ህያው ይገብሮ

# ትውፊት ንጽሑፍ ህያው ይገብሮ



# ትውፊት በኾሪ (ኣቦ) ጽሑፍ እዩ



# 3ይ ክፋል

## ብሉይ ኪዳንን ትውፊትን

# መሰረት ትውፊት ብሉይ ኪዳን

- ትውፊት ብቐድሙ ዝተጀመረሉ ኣብቲ ዓለም ዝተፈጥረትሉ ግዜ፥ ኣብ ገነት ኤደን (ኤዶም) እዩ።
- ጀማሪኡ ድማ እግዚኣብሔር ባዕሉ እዩ። ኣገልግለቱ ድማ ንሰብን ኣምላኽን ዘገልግል መሳልል ነበረ።

# መሰረት ትውፊት ብሉይ ኪዳን

- መሰረት ትውፊት እግዚኣብሔር እዩ።
- ንኣብነት: “እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ፡ ካብ ኵሉ ኦም ገነት ከም ዝደሌኻ ብላዕ፡ 17 ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ፡ ኢሉ ኣዘዞ።” ዘፍጥረት 2: 16-17.
- ብቓሉ ጥራይ ነበረ እምበር፥ ብጽሑፍ ኣይነበረን።
- ኣዳምን ሔዋንን ድማ ነዚ ትውፊት እዚ ተላሚዶሞ ኣብ ገነት ኤደን (ኤዶም) ይነብሩ ነበሩ።
- ኣዳም: ኖህ: ኣብርሃም: ሙሴን ነብያትን ወዘተ...፥

# መሰረት ትውፊት ብሉይ ኪዳን

❖ ትውፊትን ጽሑፍን፥

ኣብርሃም ብዘይ ጽሑፍ ንእግዚኣብሔር ኣመኖ (ብትውፊት) እሞ፥ ንጽድቂ ተቖጽረሉ።

ዮሴፍ ወዲ ወዱ ንኣብርሃም ድማ፥ ካብ ኣቦኡን ኣቦሓጎታቱን ዝወረሶ ትውፊት እግዚኣብሔር ተቐቢልዎ ይነብር ነበረ እሞ፥ ሰበይቲ ጎይትኡ ምስኣ ክድቅስ ግዲ ምስ በለቶ "ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከመይ ገይረ ክንድዚ ዝኣክል ሓጢኣት ክገብር" በለ።

እዚኣቶም ኩላቶም ብትውፊት ጥራይ ዝጸደቑ ቅድሚ ጽሑፍ ምንባሩ ነበሩ፥ እዚ ኹሉ ካብ ጽሑፍ ዘይኰነ ካብ ወለዶም ዝወረስዎ ትውፊት እዩ።

# ሓድሽ ኪዳንን ትውፊትን



# መጽሓፍ ቅዱስን ትውፊትን

- ኣምላኽ ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን ቀደም ነቦታትና ብነብያት ገይሩ ምስ ተዛረቦም፡ ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ንኣና በቲ ወራስ ኵሉ ዝገበሮ ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና፡ ዕብ 1: 1-2.

# ሃዋርያዊ ትውፊት ሓድሽ ኪዳን

- ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ
- መንፈስ ቅዱስ
- ሓዋርያት
- ካልኦት ኣቦታትን
- ንኣብነት: ትምህርቲ ቅድስቲ ሥላሴ ማለት ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሰፊሩ ንረኽቦ ኢና፥ ሥላሴ ዝብል ስም ግን ኣብ ቤተ ክርስቲያን ጥራይ ንረኽቦ።
- ኣብ ሓድሽ ኪዳን: ብኣፍ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተወፈየ ብሓዋርያት ካልኦት ደቀ መዛምርትን ተጻሕፈ።

# ሃዋርያዊ ትውፊት ሓድሽ ኪዳን

- ናይዚ ኹሉ ትውፊታት ተደሚሩ መብዛሕትኡ ኣብ ጽሑፍ ስለ ዝሰፈረ፥ እቲ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ብድምር ሎሚ መጽሓፍ ቅዱስ ኢልና ንጽውዖ።
- እቲ ዝተረፈ ድማ ትውፊት ተባሂሉ ይጽዋዕ።

# ሃዋርያዊ ትውፊት ሓድሽ ኪዳን

- መጽሓፍ ቅዱስ

ቤተ ክርስቲያን










# ሃዋርያዊ ትውፊት ሓድሽ ኪዳን

- መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ቤተ ክርስቲያን ተቐቢልናዮ
- ቤተ ክርስቲያን ወናኒት መጽሓፍ ቅዱስ'ያ










# ሓድሽ ኪዳንን ትውፊትን



# ኣብነት ሃዋርያዊ ትውፊት ሓድሽ ኪዳን

- 15 ደጊም፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ጸኒዕኩም ቁሙ እሞ ነቲ ብቓልና ወይስ ብደብዳቤታትና እተመሃርኩምዎ ትምህርትታት ሓዝዎ። 16 ግናኸ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ባዕሉን እቲ ዘፍቀረናን ብጸጋ ናይ ዘለኣለም ምጽንናዕን ጽቡቕ ተስፋን ዝሃበና እግዚኣብሄር ኣቦናን፡ 17 ብሰናይ ግብርን ቃልን ዘበለ ልብኹም የጸናንዕን የበርትዕን። 2ይ ተሰሎንቄ 2: 15-17.
- "Therefore, brethren, stand fast and hold the Traditions which you were taught, whether by word or our epistle" (2 Thessalonians 2:15).

# ኣብነት ሃዋርያዊ ትውፊት ሓድሽ ኪዳን

- እምብኣርስ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ካብቲ በቲ ኻባና እተቐበሎ ምህሮ ዘይነብር፡ ብዘይ ስርዓት ዚመላለስ ዘበለ ሓው ክትፍለዩ፡ ብስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንእዝዘኩም ኣሎና። (2ይ ተሰሎንቄ 3: 6)
- "But we command you, brethren, in the name of our Lord Jesus Christ that you withdraw from every brother who walks disorderly and not according to the Tradition which he received from us" (2 Thessalonians 3:6).

# ኣብነት ሃዋርያዊ ትውፊት ሓድሽ ኪዳን

- 2ይ ጢሞቴዎስ 1: 13 ነቲ ኻባይ ዝሰማዕካዮ ጥዑይ ቃል ከኣ በቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ እምነትን ፍቕርን ንምሳሌ ሓዞ።
- 14 ነቲ እተቐበልካዮ ጽቡቕ ሕድሪ በቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ሓልዎ።
- (1ይ ቆሮንቶስ 11:2) ሕጂ ድማ ብኹሉ ስለ ዝዘከርኩምንን ከምቲ ዝመሃርኩኹም ጌርኩም፡ ነቲ ምህሮ ስለ ዝሓዝኩምዎን እንእደኩም ኣሎኹ። I praise you for remembering me in everything and for holding to the Traditions just as I passed them on to you.

# ኣብነት ሃዋርያዊ ትውፊት ሓድሽ ኪዳን

- ትውፊት ምስ ጊዜ ኣይልወጥን
- 1ይ) ስለዚ ድማ ኢና ኣቦታት ቤተክርስቲያን (ሃይማኖተ ኣበው) ዝጸሓፍዎን ዝበልዎን ብጥንቃቐ እንኽተሎን እንሕልዎን
- 2ይ) መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሓለዋ ትውፊት ተዋፊሩ ኣሎ ኢልና ንኣምን።
- 1ይ) ሃዋርያት ብጽሑፍ ዝመሃርዎን ዘመሓላለፍዎን
- 2ይ) ሃዋርያት ብቓል (ብዘይ ጽሑፍ) ዝሰበኽዎን ዘመሓላለፍዎን

# ሃዋርያዊ ትውፊት ሓድሽ ኪዳን

- **ትውፊት ምስ ጊዜ ኣይልወጥን**
- ልምዲ ሰባትን ሃዋርያዊ ትውፊትን ዝተፈላለየ እዩ።
- ማር 7:8-9:- ትእዛዝ ኣምላኽ ሓዲግኩም፡ ስርዓት ሰብ ትሕልዉ ኣሎኹም፡ ከም ምሕጻብ ጣሳን ዕትሮን፡ ብዙሕ ካልእ ድማ ነዚ ዚመስልን ትገብሩ ኣሎኹም። 9 ስርዓትኩም ምእንቲ ኽትሕልዉ፡ ትእዛዝ ኣምላኽ ምፍራስኩምሲ ጽቡቕ ደኣ።

# ትውፊትን ጉባኤ ቤተክርስቲያንን

# ትውፊትን ጉባኤ ቤተክርስቲያንን

- ጉባኤ ኒቅያ Council of Nicea (325) added the word *homoousios*
- ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ወልደ ኣብ ዋሕድ'ውን ንኣምን። ካብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን፡ ካብ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝተረኽበ ኣምላኽ፡ ዝተወልደ እምበር ፍጡር ዘይኮነ፡ ብመለኮቱ ምስ ኣብ ማዕረ ዝኾነ፡ ኩሉ ብእኡ ዝተፈጥረ፡

# ትውፊትን ጉባኤ ቤተክርስቲያንን

**ጉባኤ ኣፌሶን** (431)

❖ ንስጥሮስ ክርስቶስ ማዕረ ኣምላክ ኣይኮነን። ክርስቶስ ክልተ ባህርይ ኣለዎ። ስለዚ ማርያም ድማ ኣደ ክርስቶስ እያ ክትበሃል ዝግብኣ ምስ በለ። ኣቦታት ቤተክርስቲያን "ወላዲተ ኣምላኽ" ***"Theotokos"*** **"Mother of God"** **ጉባኤ ኣፌሶን (431)**

# ሃዋርያዊ ትውፊትን ስእለ ኣድሕኖን

# ሃዋርያዊ ትውፊትን ስእለ ኣድሕኖን

“እቲ ኻብ መጀመርታ ዝነበረ፡ ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ እቲ በዒንትና ዝርኤናዮ፡ እቲ ዝጠመትናዮ፡ ኣእዳውናውን ዝረምሰሳኦ፡ ብዛዕባ እቲ ቓል ህይወት፡ ህይወት ድማ ተገልጸት፡ ነታ ምስ ኣቦ ዝነበረት ንኣና ኸኣ እተገልጸት ናይ ዘለኣለም ህይወት ርኢናያ ኢና እሞ፡ ንምስክር ንነግረኩምውን ኣሎና፡” 1ይ ዮሐንስ 1: 1-2።

ነዚ ጽሑፍ’ዚ ብስእላዊ መልክዕ ምግላጽ ትውፊት’ዩ።




**ኣብነት፥** ብዛዕባ’ዚ ጉባኤ እዚ ጎድኒ ጎድኒ’ቲ ረፖርት ስእላዊ መግለጺ እንተቐሪቡ ትሕዝቶኡ ሓደ እዩ። ሓደ ስእሊ ካብ ሽሕ ቃላት ንላዕሊ ይዛረብ።

# ሃዋርያዊ ትውፊት ኣብ ኣምልኾ ቅዳሴ

# ሃዋርያዊ ትውፊት ኣብ ኣምልኾ ቅዳሴ




1) 1ይ ካህን: ወንጌል ጸጋ ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ እንሆ (ነዋ ወንጌለ ጸጋሁ ለእግዚእነ ወኣምላክነ ወመድሓኒነ ኢየሱስ ክርስቶስ)።
2) 2ይ ካህን: ከምቲ ዘወፈየኒ (ነቲ እምነት ወንጌል ጎይታ) ኣወፈየካ ኣለኹ (*መንግስቶ ወጽድቆ ኣወፍየከ በከመ ኣወፈየኒ*)።
3) ዲያቆን: መንግስተ ሰማያት ቀሪባላ'ሞ እመኑን ተነስሑን(ነስሑ ወእመኑ እስመ ቀርበት መንግስተ ሰማያት)
4) ወንጌል ትውፊታዊ እምነት'ዩ።

# ትውፊት - መዛዘሚ

❖ ትውፊትን ጽሑፍን፥

ስለዚ ትውፊት ማለት ቓል ብቓሉ ካብ ወለዶ ንወለዶ ብኣፍ ዝንገር ካብ ኾነ፥ እቲ ድሒሩ ዝጸሓፍ ድማ፥ እቲ ብ**ትውፊት** ዝተነግረ እዩ። **ስለዚ ጽሑፍ ካብ ትውፊት ካብ ኾነ፥ ትውፊት ኣቦ ጽሑፍ እዩ እምበር፥ ጽሑፍሲ ኣቦ ትውፊት ኣይኾነን።**

# ትውፊት – መዛዘሚ

- ትውፊትን ጽሑፍን፥

**ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ትውፊት ይኹን ካልእ ኣይንቕበልን ንዝብሉ ድኣ እንታይ ዩ መልስና ?**

ኣብቲ ዝቕጽል ትምህርቲ ክወሃብ’ዩ

# መጽሓፍ ቅዱስን ትውፊትን



“ኣቦታትካ ዘቐምዎ ናይ ቀደም ደረት ኣይተዝብል”
ምሳ 22.28።

# ዝተወከስክዎም ጽሑፋት - Citations :

1. His Holiness Pope Shenouda, Comparative Theology, Coptic Orthodox Publishers Association, London,1988

2. His Holiness Pope Shenouda, Salvation in the Orthodox Faith, Coptic Orthodox Publishers Association, London,1988

3. Fr. Tadros Malaty, 'Tradition and Orthodoxy', St George Coptic Church, Sporting – Alexandria,1979

4. ዶ/ር ሽሞንዲ ሃይለ፣ ወንጌል ሓዋርያዊ ትውፊት (Paradosis) , መርበብ ሓበሬታ ተዋህዶ (http://tewahdo.org/fetene/2008-09-13-22-17-21/486--par-adosis) ,

# End